# ኤርትራዊት ኣምበሲት ሶፍያ ተስፋማርያም ዘርኢ ዘርኣይ ደረሰ!

ኣነ ሓደ ካብቶም ንኹሉ ምንቅስቓሳት ከብርቲ ሓውትና ኣምበሲት ሶፍያ ተስፋማርያም፡ ብቐረባ ዝከታተሉ ሰባት ምዃነይ ኣቐዲመ ክገልጽ ከለኹ ልዑል ሓበን ይስመዓኒ። ንሶፍያ ኣብ እተካይዶም ህዝባዊ ኣኼባታት፡ ብመንገዲ ኢንተርኔትን ፓልቶክን ንእተመሓላለፎም ዘተታትን እከታተላን በቲ ንጹርን ጽኑዕን መትከላ ከኣ እዝየ ኢድነቕን ኣመስግናን'የ። በቲ ንኹሉ ሃገራዊ፡ ኣብ መትከል ***"ንሓልዋ ነዛ ህያብ ስዉኣትና ዝኾነት ሓላል መሬት!"*** ጸኒዑ ንኺቃለስ እተመሓላልፎ ዘየወላውል መልእኽታ ድማ፡ ምስቶም ኣዝዮም ዝድነቑ ወሓላሉ ሰብ መትከል እሰርዓ። ሶፍያ ጸኒዓ እተጽንዕን ሞራል እተሰንቕን ሃገራዊት ምዃና ከኣ፡ ብዘይካ'ቶም ኣብቲ እተቕርቦ ሃገራዊ መትከል ዘይሰማማዑን ኤርትራውያን መሲሎም ዝቐርቡ ወየንትን፡ ብኹሉ ንጥፈታታ ዘይዓግብ ሃገራዊ ዘሎ ኣይመስለንን።

ኣብዚ ዝሓለፈ እዋናት፡ ምስ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሰበስልጣናት ሕ.መ. ኣሜሪካ፥ ብኣካል እናረኸበት፡ እቲ ሓቀኛ መትከል መንግስቲ ኤርትራ ከተብርሃሎምን፡ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሸጥን ወጻእን ድማ ክሳብ ክንደይ ኣብ መንግስቱ ምትእምማን ከምዘለዎን ከተረድኦምን ፈቲናያ። ከምቲ ተገሊጹ ዘሎ፡ ካብ ፕረዚደንት ኦባማን በዓልቲ ቤቱን ክሳብ ምክትል ፕረዚደንት ጆ ቢደን ተራኺባቶምን ከተዕልሎም ድማ ክኢላን'ያ። ኣብዚ ምስ ሰበስልጣን ኣሜሪካ ንኺትካፈል ዝኸኣለት ከኣ፡ በቲ ዛጊት ኣጥርያቶ ዘላ ህቡብነት ከም ወካሊት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣመሪካውያን፡ ወግዓዊ ዕድመ ተላኢኹላን ወጻኢታታ ኩሉ ተኸፊሉላን እምበር ባዕላ ሃንደፍደፍ ኢላ ዝረኸበቶ ከምዘይኮነ ኣብ ግምት ከነእትዎ ኣገዳሲ ይመስለኒ። ኣብቲ ምስኣቶም እትገብሮ ዕላላት ድማ፡ ዕድል እንተረኺባ ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራ ከየልዓለትን፡ ንምንታይ ብዘይ ወዓለቶ በደል ዘይፍትሓዊ እገዳ የጋጥማ ከምዘሎን ከይገለጸትሎም ከምዘይትሓልፍ ምትእምማን ኣሎኒ። ውጽኢት ናይቲ ምስኣቶም ዘካየደቶ ዕላላት ግን፡ ብሓንቲ ለይቲ ኪርኣ ኣለዎ ኢልና ክንሓስብ ኣይንኽእልን።

ኣብዚ ናይ ትማሊ ምምራቕ ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ ንኻልኣይ ግዜ ድማ፡ ምስታ መሓዛ መለስ ዜናዊ ብምንባራ ቀንዲ ጸላኢት ኤርትራ ንኽትከውን ዝለውጣ ሱዛን ራይስ ከም ዝተራኸበትን፡ ምስኣ ከምዝተመገበትን ተገሊጹ'ሎ። ብወገነይ፡ ***"ኣገናዕ ኣምበሲት ሶፍያ ንጭንጭራኣ ዝትንከፍ ሓቅታት ብዛዕባ ኤርትራ ንኽተዕልልያ ዕድል ረኺብኪ ክትኮኒ ከኣ ተስፋ እገብር!"*** ክብላ እፈቱ። ገለ ብስም ኤርትራውያን ዝቐረቡ ወየንቲ ግን፡ ዘይስማ ሂቦም ተስፋ ከቝርጹዋን ካብቲ ጽኑዕ ኤርትራዊ መትከላ ከርሕቑዋ ፈታቲኖም'ዮም። እታ ኣምበሲት ሶፍያ ብኸምዚኦም ዝመሰሉ ሰንኮፋት ከምዘይትትንከፍ ርግጸኛ'ኳ እንተኾንኩ፤ ሃገራውያን ኤርትራውያን ግን፡ ብታህዋኽ ወይ ብግርህነት ንሶፍያ ዘጸልም ርእይቶ ካብ ምሃብ ኪሕየቡ ሓደራ እብል። ሮማ ብሓንቲ መዓልቲ ኣይተሃንጸትን! ስለዚ ዓቕሊ ጥራይ!!

*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!* *መትከል ኣስመሮም ሸወደን*